*17/06/2023*

# 2ይ ህዝባዊ ሰሚናር ብደለይቲ ፍትሒ ኣብ ፍራንክፎርት/ጀርመን




*ስእልታት ካብ 1ይ ሰሚናር*

*1ይ ተመሳሳሊ ሰሚናር ኣብ ዕለት 11/02/2023 ተኻይዱ ነይሩ'ዩ። ርእሰ-ዛዕባ ሻቡ ይኹን ሎሚ "ስለምንታይ'ዩ ዓቢ ክፋል ናይ ደላይ ፍትሒ ዜጋና ብዘይ ተወደበ ሃለዋት ማለት በብውልቁ ዝቃለስ ዘሎ? እሞኸ እዚ ኣገባብ'ዚ፣ ዘድምዕ ውጽኢት ይህብዶ ኣሎ?" …ወዘተ ዝብል'ዩ ነይሩ። ጽማቝ መግለጺ ናይቲ ኣብ 1ይ ሰሚናር ዝነበረ ተሳታፊ ህዝቢ ከኣ*

- *ኣብ ሃገር ጀርመን ዝርከቡ ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ልዕሊ እዚ ዛዕባ ዝህልዎም ርእይቶን ናይ ባዕላቶም ግደን ክፈልጥ ከም ዝደሊ፤*
- *እቲ ህዝቢ ገና ሓላፍነት ወሲዱ ነቲ ስራሕ ክከታተልን ክካታትልን ዝኽእለሉ ደረጃ ከም ዘይበጽሐ ብምእማት ነቲ ኲሉ እዚታት ዘበገሰ ውድብ (ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን) ነቲ መጻኢ/2ይ ሰሚናር ክዳሉ'ዩ መዚዙዎ።*




*ካብኡ ክሳብ'ዚ መበል 2ይ ሰሚናር ኣብ ውሽጢ እተን ዝተጠቕሳ ጨናፍር ፖለቲካዊ ውድባት ክሳብ 5 ዝተፋለለዩ ኣኼባታት ተኻይደም።*

*ሎሚ፣ ማለት ኣብ ዕለት 17/6/2023 ከኣ ኤርትራውያን (ኣብ ውድባት ዘሎዉ ይኹኑ ዘይተወደቡ) ኣብ'ዚ ካልኣይ ሰሚናር ተጋቢኦም። ሎሚ'ውን ከም ኣብ'ቲ 1ይ ሰሚናር ካብን-ናብን ዘይብሃል ኣብ ርእሲ ዝኾነ ኤርትራዊ ደላይ ፍትሒ ክህልዉ ዝኽእሉ ርእይቶታት ኣብ'ቲ ገዛ ይሰምዑ ነይሮም። ካብ ተሳተፍቲ ገለ-ገሊኦም ሰባት ይብሉ፣ ውድባት ካብ'ዚ ህዝብን ሃገርን ኣትዮሞ ዘሎዉ ከቢድ ቅልውላው ከውጽኡና ኣብ ዝኾኑእልሉ ዝተሓት ነጥበ ስምምዓት ነብሶም ጸሚዶም ጸረ-ህግደፍ ተቓሊሶም ንህዝቢ ከቃልሱ ክምሕጸኑ ከሎዉ፤ ካልኦት ከኣ ውድባት እንታይ ይገብራ ንዓታተን ዝግደፍ ኳይኑ፣ ዜጋታት ግና - ዘይተወደቡ ይኹኑ ኣብ ውድባት ይሃልዉ ብዘየገድስ - ሓደ ዓርሞሹሻዊ ምንቅስቓስ ብምቛም ንናይ ህግደፋዊ ጸላኢ መደባት ኣብ ኲሉ ኲርናዓት ይግጠሙ ይብሉ።*

 

*መደምደምታ ሓሳባት ናይ’ዚ 2ይ ሰሚናር ከኣ፦*

1. *መጻኢ ሰሚናር ብዝሰፍሐ መልክዓቱ ተቛሊሑ ንዅሉ ዝምልከቶ ዘሳትፍ ክኸውንን ክደጋገምን፣*
2. *ካብ ህዝቢ ዝተዋጽኡ 4 ሰባት ዝሓዘት ሽማግለ ረቝሒ ድሕሪ ምቛም ምስቶም ተበግሶ ዝወሰዱ ሽነኽ/ውድብ ተሓባቢሮም መካትዒ ዛዕባታት ክሰርዑን ብጸብጻባቶም ንህዝቢ ከከታትሉን …ወዘተ ብዝብሉ ተልእኮታት ተደምዲሙ።*

*ክብርና ክምለስ፣ ሓቢርና ንቃለስ!*
*ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታት ኤርትራ!*